

**ኣብ** ራብዓይ ስእሊ እግዚኣቢሄር በቲ መወዳድርቲ ዘይብሉ ፍቕሩ፡ ባዕሉ ነቲ ሃንፍ ዘስግር ድልድል ክገብር የርኢ። ወዲ ሰብ ክጠፍእ ስለ ዘይደለየ ውሑስን ርጉጽን ዝኾነ ናብ መንግስቱ ዝወስድ መንገዲ ገበረ። እግዚኣቢሄር ነቲ እንኮ ወዱ ሃበና፡ ንሱ ባዕሉ እግዚኣቢሄር ነበረ ግን ናብዚ ዓለም ከም ህጻን ተወልደ። እየሱስ ዝብል ስም ተዋህቦ ትርጉሙ ክኣ መድሓኒ እዩ፡ ምኽንያቱ ንደቂ ሰባት ካብ ሓጥያቶም ከድሕን ስለ ዝመጸ። ኣወላልድኡ ተኣምራታዊ ነበር። ኣብ ሂወቱ ፍጹምን ካብ ሓጥያት ነጻን ነበረ። ተኣምራቱን ምሕረቱን ፍቕሩን ሓይሉን ዕቤት እግዚኣቢሄር ዘርኢ ነበረ።

**ኣብቲ** ናይ መወዳእታ ስእሊ፡ ነቲ ሃንፍ መስገሪ ድልድል ተጌሩሉ ሰባት ብኡኡ ብሰላም ከመላለሱ ንርኢ። እቲ ድልድል መስቀላዊ ቅርጺ ኣለዎ፡ ምኽንያቱ እየሱስ ነቲ ንኣና ዝግባእ መቕጻእቲ ናብኡ ወሲዱ ኣብ መስቀል ስለ ዝሞተ፡ ከምኡ ውን ስለ ኩሉ ሓጥያትናን ክፉእ ግብርናን ስለ ዝቐሰለን ዝተገርፈን(1 መልእኽቲ ጴጥሮስ 2.24)።

ኩሉ ሓጥያትና ተሰኪሙ ተሰቕለ። መታን ናብ እዚኣቢሄር ከመልሰና እቲ ጻድቕ ስለ እቲ ዘይቅኑዕ ሞተ (1 መልእኽቲ ጴጥሮስ 3.18)። ምኽንያቱ እቲ ካብ ሓጥያት ነጻ ዝኾነ ጥራሕ ዕዳ ሓጥያተኛታት ክኸፍል ስለ ዝኽእል። እግዚኣቢሄር ክሳብ እቲ እንኮ ወዱ ብምሃብ ንዓለም ኣፍቀራ፡ ኩሉ ብእኡ ዝኣመነ ከቶ ኣይጥፍእን፡ ናይ ዘልኣለም ሂወት እኳ ድኣ ይረክብ። መንገዲ ናብ



እግዚኣቢሄር እየሱስ ምኳኑ ዝኣመነን ዝተኸተሎን ኩሉ ካብ ሞት ናብ ናይ ዘልኣለም ሂወት ይሳገር። ብሞቱ ንደቂ ሰብ፡ ሰብኣይ ኮነ ሰበይቲ ካብ ሓጥያቶም ነጻ ገበሮም። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ድሕሪ ሞቱ ናብ ሂወት ተመልሰ። እዚ እቲ ናይ መወዳእታ ህያው ህያብ እግዚኣቢሄር፡ መድሓኒና እየሱስ ክርስቶስ እዩ።

ብጣዕሚ ደስ ዘብል!
እግዚኣቢሄር ነቲ ዓሚቕ ሃንፍ ብሞትን ትንሳኤን እሸየሱስ ክርስቶስ ድልድል ገበረሉ።

Distribution of Christian Literature
Bernstrasse 73
CH-3613 Steffisburg, Switzerland
www.dclit.net / info@dclit.net

Original by CCL, Hong Kong
3.2016 / Tigrinya / Eritrea

http://bible.geezexperience.com/tigrigna/list.php?book=41



# ድልድል ናብ እግዚኣቢሄር



ኣብ ቀዳሞት ገጻት ናይ መጽሓፍ ቅዱስ (ኦሪት ዘፍጥረት 2) እግዚኣቢሄር ከመይ ጌሩ ንኣዳምን ሂዋንን፡ ቀዳሞት ሰብኣይን ሰበይትን ከም ዝፈጠረ ነንብብ። ኣብ ኤደን ነበሩ፡ ልዕሊ ኩሉ ክኣ ጥቡቕ ዝምድና ምስ እግዚኣቢሄር ነበሮም። ኣብ ኦሪት ዘፍጥረት 3 ግን፡ ወዲሰብ ካብ ትእዛዝ እግዚኣቢሄር ከም ዝወጸ፡ ሓጢያት ክኣ ናብ ዓለም ከም ዝኣተወ ነንብብ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ወዲሰብ ሓጥያተኛ ኮይኑ ይውለድ።

እግዚኣቢሄር ብርሃን እዩ። ንሱ ቅዱስ ኣምላኽ እዩ። ኣብኡ ሓጥያት ኮነ ጸካም የልቦን። ንሱ ፍጹም እዩ። ቅኑዕን ፍትሓውን እዩ። ወዲ ሰብ በንጻሩ ካብ ፍቓድ እግዚኣቢሄርን ቅዱስ ሕጉን ወጺ። ኣብ ምጽሓፍ ቅዱስ (ትንቢት ኢሰያስ 59.2) ሓጥያትኩም ካብ እግዚኣቢሄር ኣምላኽ ፈለየኩም ይብል። ኣብ ቀዳማይ ስእሊ ሓደ ዓሚቕ ሃጓፍ ኣብ መንጎ ሰብን እግዚኣቢሄርን ንርኢ። እዚ ሃጓፍ እዚ ንወዲ ሰብ ኣብ ዘሕዝን መንፈሳዊ ኩነታትን ጽልማትን ትርጉም ዘይብሉ ሂወትን ሸሚምዎ ነበረ። ከምኡ ጥራሕ ዘይኮነ፡ እዚ ሃጓፍ መስገሪ እንተዘይተረኺብዎ ዘልኣለማዊ ስቓይን መቕጻዕትን ብርቱዕ ቃንዛን (ገሃነብ እሳት) ርጉጽ ይኸውን። ወዲ ሰብ ግን ቁጥዐ እግዚኣቢሄር ይፈርህ እዩ፡ ካብዚ ከምልጥ ውን ይደሊ። ናይ ዘልኣለም ሂወት ድሕሪ ሞት ክወርስ ይደሊ።



ኣብ ካልኣይ ስእሊ ወዲሰብ፡ ኣብ መንጎ እግዚኣቢሄርን ሰብን ዘሎ ሃጓፍ ዘስግር ድልድል ክሃንጽ ዝከኣሎ ክጽዕር ንዕዘብ። ዝተጸፍጸፈ ጠዋሉ ንጻዕሪ ወዲሰብ ይገልጽ። ገለገለ ሰባት ኣብ ጽቡቕ ጠባይን ተግባርን ይኣምኑ። ጽቡቕ ምግባር ንሓጥያቶምን ክፉእ ተግባሮምን ዘካሓሕስ ይመስሎም። ካልኦት ክኣ ርኹሳት መናፍስቲ ፈሪሖም ይነብሩ፡ ህያባት ብምሃብን መስዋእቲ ብምግባርን ከምኡ ውን ሃይማኖታዊ ባዓል ብምግባርን ይእዘዝዎም። ገለ ሰባት ውን ካብ መግብን መስተን ካልእ ነገራትን ብምቑጣብ፡ ካልኦት ክኣ ነብሶም ብምጥባሕን ብምቅጻልን ኣብ ገዛእ ርእሶም ጉድኣት ብምግባርን ምሕረት እግዚኣቢሄር ክረኽቡ ይትምነዩ። ቃል እግዚኣቢሄር ብንጹር ክምዚ ይብል “ዋላ ሓደ ጻድቕ የሎን፡ ዋላ ሓደ” (መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ሰብ ሮሜ 3.10)



ኣብ ሳልሳይ ስእሊ ጽፍጻፍ ጠዋሉ ዋላ እንተ ተጸርበ ሕብሪ ውን እንተ ተለኸየ፡ ነዚ ሃጓፍ ንምስጋር ኣዝዩ ሓጸርቲ እዩ። ጽቡቕ ተግባር ወዲ ሰብ ኣቓልቦ እግዚኣቢሄር ኣይረኽበን ወይ ውን ምስ እግዚኣቢሄር ከቀራርበና ኣይከኣለን። ጽቡቕ ግብሪ ደቂሰብ ይብል እግዚኣቢሄር ኣብ (ትንቢት እሰያስ 64.6) ብዘሎ ጽድቅና ክኣ ከም ድርባይ ኣረጊት ጨናዊ ጨርቂ እዩ። ናብ እግዚኣቢሄር ንምቕራብ ዘብቅዕ ሓይሊ የብሎምን። ብተማሳሳሊ መንገዲ ሃይማኖታዊ ኣምልኾ ደጋዊ ተርእዮ እዩ፡ ንክፉእ ልቢ ደቂ ሰብ ኣይቅይሮን እዩ። ሞራላዊ ሕጋጋት ምኽታል ውን እንተ ኾነ ነዚ ዓሚቕ ሃጓፍ ኣብ መንጎ ኣግዚኣቢሄርን ሰብን ከሳግር ኣይክእልን ወይ ካብ ናይዘልኣለም መቕጻዕትን ስቅያትን ኣየድሕንን እዩ። ንሰብ ቅኑዕ ዝመስሎ መንገዲ ኣሎ፡ ግን ኣብ መወዳእታ ናብ ሞት ይመርሕ ይብል መጽሓፍ ቁዱስ (መጽሓፍ ምሳሌ 16.25)። ወዲ ሰብ ናብ እግዚኣቢሄር ዘስግር መንገዲ ዋላ ሓደ ኣይነበሮን።